# ምስ ኣልቓዒዳ ዝምድና ንዝለዎም ናይ ሽበራ ሓይልታት፡ ብኤርትራ ዝውሃብ ደገፍ ሓደገኛ ሳዕቤን ከምዝለዎ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣጠንቂቓ

ብዳኒኤል ማክ ኣልሮይ ካብ ኣስመራ
17.04.2009

ትርጉም፡- ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

**ኤርትራ፡ ነቲ ንፕረሲደንት ባራክ ኦባማ ንምቕታል ዝትልም ዘሎ ሶማልያዊ ናይ ሽበራ ጉጅለ ትህቦ ዘላ ደገፍ፤ ንመጥቃዕቲ ከቃልዓ ይኽእል ኢዩ ክትብል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣጠንቂቓ።**



ጠንቂ ናይ'ዚ ቍጥዐ'ዚ ድማ፡ እታ ብሓደ ዲክታቶር እትምራሕ ኤርትራ፡ ነቲ ምስ ናይ ቀደም ገዛኢታ ዝነበረት ኢትዮጵያ ዘለዋ ናይ ኢድ ኣዙር ውግእ ክትብል፡ ንጥሩፋት እስላማውያን ጉጅለታት እተበርክቶ ዘላ ደገፍ ኢዩ። እቲ ደገፍ፡ ነቲ ምስ ኣልቃዒዳ ርክብ ኣለዎ፣ ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ መጥቃዕቲ ዝፍጽሙ ካብ ዓሰርተ ንላዕሊ ዝኾኑ ሶማልያውያን መልሚሉ ኣሎ፣ ኢሎም ናይ ኣመሪካ ናይ ስለላ ትካላት ዝኸሰዎ፡ ኣልሸባብ እተባህለ ናይ ሶማል ኣሸባሪ ጉጅለ ዝውሃብ ኢዩ።

Related Articles
[Eritrea: A country dominated by its past]
[US facing home-grown Islamic terror threat]
[Terrorist suspects held in Afghanistan can challenge detention in US civil courts]
[Pakistan: origin of three-quarters of all terror plots]
[Afghanistan: Plotting the path to a pullout]
[Barack Obama vows to 'dismantle' al-Qaeda and Taliban in Afghanistan and Pakistan]

ብምኽንያት ዓወት ባራክ ኦባማ ኣብ ፕረሲደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝጽንበለሉ ዝነበረ ግዜ፣ በቶም ብሃንደበት እተሰወሩ፡ ካብ ኣፍሪቃ ናብ ኣመሪካ ሰሊኾም ዝኣተዉ 12 ናይ ኣመሪካ ዜግነት ዝተዋህቦም ሰባት፡ ናይ ነብሰ-ቅትለት ውጥን ናይ ምፍጻም ምናልባትነት ከምዝነበረ፡ ናይ ኣመሪካ ትካላት ጸጥታ ውሽጣዊ ሃገር (FBI) ኣጠንቂቑ ምንባሩ ይሕብር።

በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ተወጢኑ ዘሎ ናይ ራዕዲ ተግባራት እንተደኣ ተፈጺሙ፣ ኣመሪካ፡ ከም'ቲ ድሕሪ ተረኽቦ ናይ 11 መስከረም መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ብጣሊባን ትምራሕ ዝነበረት ኣፍጋኒስታን ዝወሰደቶ ናይ መጥቃዕቲ ስጕምቲ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ናይ ጣልያንን ዓባይ ብሪጣንያን ግዝኣት ዝነበረት ሃገረ ኤርትራ ክትወሰድ ምኳና፡ ዓውዓውታ ብዘይብሉ ኣገባብ ኣጠንቂቓታ ኣላ።

“ኤርትራ፡ ግጉይ ጐደና መሪጻ ኣላ። ምስ ኣልሸባብ ሓቢርካ ምስራሕ ዝኸፈለሉ ዋጋ ኣለዎ። ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ንዝፍጸም መጥቃዕቲ፡ ፕረሲደንት ኦባማ ኣብ ልዕሊ ኣሸበርቲ ዘለዎም ኣቋም ድኹም’ዩ ዘብል ተረድኦ መታን ከይሰፍን ስጕምቲ ክወስድ ክግደድ ኢዩ” ክብል እቲ ምንጪ ሓቢሩ።

ፕረሲደንት ኢሳያስ ንደይሊ ተለግራፍ እተባህለ ጋዜጣ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ግን፡ ብኣመሪካን ዓባይ ብሪጣንያን ዝድገፍ፡ ንኣልሸባብ ከም ቀንዲ ጸላኢኡ ዝቘጽር፡ ኣብ ለካቲት 2009 ስልጣን ዝርከብ ናይ ሶማልያ መንግስቲ ክቃወሞ ምዃኑ ሓቢሩ ነይሩ።

ምዕራባውያን መንግስታት ኣብ’ቲ ብሸኽ ሸሪፍ ኣሕመድ ኣልሸሪፍ ዝምራሕ ሓድሽ መንግስቲ ዘለዎም እምነት እናዓበየ ይመጽእ ምህላዉ ክገልጹ ከለዉ፤ ፕረሲደንት ኢሳያስ ግን፡ ነዚ ሓድሽ መራሒ ከም ዕሱብ መሳርሒ’ዩ ዝገልጾ። ኢሳያስ፡ ናይ ሰላም ኮንፈረንስ ከም ብሓድሽ ክካየድን መሓዙቱ ልሉይ ግደ ዝጻወትሉ ሓላፍነት ክውሃቦምን’ዩ ዝጠልብ ዘሎ። “መንግስቲ የለን፡ ናይ ሶማል ሃገር ትብሃል የላን። ነዚ ዝኸውን መተካእታ ፍታሕ የድሊ ኣሎ። ነዚ ናይ ሸኽ ሸሪፍ መንግስቲ ህዝቢ ክቕበሎ ተጽዕኖታት ምግባር ኣይሰርሕን ኢዩ። ኵሎም ሶማልያውያን ዝሰማምዕሉ መንግስቲ እንተዘይቈይሙ ሰላም ክሰፍን ዝኽእል ውሕስነት የለን” ይብል።

ኣቶ ኢሳያስ፡ ንናይ ኣመሪካ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ዝጻረር መርገጹ ኣይገደፎን። ኣንጻር ሶማልያውያን ናይ ባሕሪ ሽፋቱ፡ ብምዕራባውያን ወተሃደራዊ ሓይልታት ዝግበር መጥቃዕቲ መፍትሒ ኣይኰነን እናበለ ከሻካዕልለሉ ይስማዕ ኣሎ። “ንናይ ባሕሪ ሽፍትነት ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክትዓግቶ ምፍታን ኣይሰርሕን ኢዩ። ሽፍትነት ባሕሪ፡ ልክዕ ከም ጥሜትን ድርቅን ካልኣዊ ደረጃ ዝሕዝ ጓል ነገር ኢዩ” ይብል ፕረሲደንት ኢሳያስ። ኣቶ ኢሳያስ መራሒ ናይ’ታ ብ1993 ናጽነታ ዝተጓናጸፈት ዕሸልን ዝተነጸለትን ሃገር ኢዩ።

እዚ 63 ዓመት ዝዕድሚኡ ናይ ቀደም ደባይ ተዋጋኢ፡ ብኣህጕራዊ ውዕላትን ስምምዓትን ዘይቅየድ ሰብ ምዃኑ ተደጋጊሙ ክግሃድ ዝጸንሐ ሓቂ ኢዩ። ናይ ሱዳን ፕረሲደንት ዑመር ኣልበሺር፡ ድሕር’ቲ ብኣህጕራዊ ቤት ፍርዲ ዝቐረበሉ፡ ኣብ ዳርፉር ተፈጺሙ ዝብሃል ናይ ገበን ኣንጻር ደቂ ሰባት ክሲ፡ ንመጀመርያ ናብ ኤርትራ ምብጽሑ ነታ ሃገር ብርቱዕ ኵነኔ ኣስዒቡላ ኢዩ።

ናይ በሺር ናብ ኣስመራ ኣመልኪቱ ተቓውሞኡ ዘስምዐ፡ ዓቃቢ ዝንባለ ዘለዎ ናይ ኣህጕራዊ ልምዓት ቃል ውሃቢ፡ ኣቶ ኣንድርው ሚቸል “ኤርትራ፡ ነቲ ብኣህጕራዊ ቤት ፍርዲ ዝተኸሰ ጀነራል በሺር ዘስተናገደት ናይ መጀመርያ ሃገር ምዃና፡ ኣብ ግጉይ ሸነኽ ናይ ታሪኽ ክትስራዕ ገይርዋ ኢዩ” ይብል

ኤርትራ፡ ኣንጻር ኢትዮጵያ እተጐዓዘሉ ዘላ ናይ ውግእ ጐደና ከይቀየረተ፡ ምስ ምዕራብ ዘለዋ ዝምድና ክተመሓይሾ’ያ ዝብል ትጽቢት ፈጺሙ የለን። ካብ ኣርባዕተ ሚልዮን ቍሩብ ዝዛይድ ህዝቢ ዘለዋ ኤርትራ፡ 300,000 ዝኸውን ቀዋሚ ሰራዊት ምውናና ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፍጸም ጭቆናታት ዝይዳ ከምዝብእስ ገይርዎ ኢዩ።

እቲ ስርዓት፡ “ግዙፍ ቤት ማእሰርቲ” ተባሂሉ ክልለ ዝገበሮ፡ ትሕቲ 40 ዓመት ዝዕድሚኦም ዜጋትት ዝሳተፍዎ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት መደብ ኣለዎ። ብሰንክ’ዚ፡ ሃገሮም ራሕሪሖም ዝስደዱ ዘለዉ በሽሓት ዝቝጸሩ ዜጋታት፤ በቲ መንግስቲ፡ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሃደሙ ከድዓት ኢዮም ዝቝጸሩ። ዶባት ኤርትራ ክሰግሩ እንተደኣ ተረኺቦም ድማ ብኡ ንብኡ ኢዮም ዝርሸኑ። እሱራት፡ እንተላይ’ቶም ዝተሰወሩ 11 ኣባላት ፓርላማ፡ ኣደዳ ዝተፈላለዩ ዓይነታን ናይ ዓዛብ ኲይኖም ኣለዉ። እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዝፍለጥ ኣብ ኣግራብ ናይ ምድረ-በዳታት ኤርትራ ምስቃል ዘጠቓልል ናይ ዓዛብ ተግባር ውን ኣብ ልዕሊኦም ይፍጸም ኢዩ።

ዋላ ኢሳያስ ውን፡ ዘመናዊ ባርነትን ዓዛብን ኣብ ኤርትራ ከምዘሎ ኣይክሕድን ኢዩ። እዚ ሳዕቤን ናይ’ቲ ቀዳማይ ዕላማና ዝኾነ ናይ ሃገር ምህናጽ ዕማም ኢዩ ኢሉ ክዛረብ ይስማዕ።

“ኣብ መስርሕ ናይ ምቛም ዘሎና ንእሽቶይን ዕሸልን ሃገር ኢና። በዚ ፍሉይ ክውንነትና ድማ፡ ምስ ካልኦት ሃግራት ከተነጻጽሩና ኣይትኽእሉን ኢኹም። ናጽነት ዝረኸብናሉ ዓመታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንዓና ዝወዳደር ርግኣትን ሃብትን ዘለዎ ሃገር ኣብ ኣፍሪቃ የለን። ኣብ ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ሃገር ምህናጽ ግን፡ ቀሊል ዕማም ኣይኰነን” ይብል ፕረሲደንት ኢሳያስ።